# ቃል-ኪዳን ዓብደላ ጃብርን ኢሳያስን ክሳብ መአስ ኢዩ?

ብአባል ምኽልኻል ሓይልታት ኤርትራ

31 ሓምለ 2006!!!

ክቡራትን ክቡራን ዜጋታት ኤርትራ፤ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዝወርድ ዘሎ አስካሕካሒ ግፍዕን በደልን፡ ብዘይቅዱስ ቃል-ኪዳን ኢሳያስን ዓብደላ ጃብርን ዝፍጸም ንዘሎ፤ብወዲ ሃገር'ስ ይትረፎ፡ ባዕዳዊ እውን እንተኾነ ዘይፍጽሞ ግፍዒ ክሳብ መአስ ኢዩ? ኣቱም ብደገ ንቃወም እትብሉ'ኸ መአስን ብከመይ ኢኹም ክትደጋገፉ እትክእሉ? ዝብል ሓተታ ንምቕራብ ዘገደደኒ ዘሎ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ሕሰም ናይ እዚ ቅኑዕን ወረጃን ሕዝብና ዝረኸቦ ዘሎ ኣደራዕ ኢዩ። ነዚ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ፤ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ፤ ብዘይቅዱስ ኪዳን ኢሳያስን ዓብደላ ጃብርን፤ ኤርትራ ንምጽናት ዝዐለመ መስርሕን ምኳኑ፡ ከም ጽሓይ ቀትሪ ድሙቅ ኢዩ።

እዚ ዘይቅዱስ ቃል-ኪዳን እዚ ዘንቐጥቕጦን ዘርባዕባዕ ዘበሎን ዓብዳላ ጃብር፤-ካብ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን፤ ፍቕሪ ኢሳያስ ስለ ዘንፈጥፍጦ፤ ካብ 2000 ዓ. ም. ጀሚሩ ቃልዕ ወጺኡ ርአዩኒ፤ ፍለጡኒ ክብል ዙርያ ቤት ጽሕፈት ኢሳያስ መውዓሊ ጌርዎ ዝነበረ፤ ነዚ ዘተባብዐ ከአ ንኩላቶም ጂ.15 ዝእሰረ እውን ንሱ ኢዩ። ነዚ ናይ ስራሕ ምርካባት ከምስል ከአ፤ ንንጹሓት ዜጋታት ብሓሶት እናጠቐነ፤ንምእሳሮም ንምድስካሎምን ካብ ዝኣየ ድሮ 6 ዓመታት ሓሊፉ አሎ። ሎሚ ግን እምብዛ ስለ ዝዓዘሮን ዝሓየሎን ፍቕሪ ኢሳያስ ንተቐማጦ ባጽዕን ከባቢአን ብፍላይ ድማ፤- ንተወላዶ ደናክልን፤ተወላዶ ብሄረ ሳሆን፤ ተዛረብቲ ትግርኛን ትግረን ካብ መንበሪ አባይቶምን፤ ተወሊዶም ዝዓበይሉ ከባብን ብሓይሊ እናገደደ ነናብ ትውልዲ ዓድኹም ክትኸዱ አሎኹም፤ ብማለት አባይቶም ብሰራዊትን ቡልዶዞራትን ይፍርስዎ ኣለዉ።

ከተማ ባጽዕን ከባቢአን ፍልይቲ ሕዛእቲ ኢሳይስ ንክትኸውን ዝገብር ዘሎ ዓብደላ ጃብር ኢዩ። ስለምንታይ ንዝብል ለባም ሓታቲ፤ እቲ መልሲ ዓብደላ ጃብር ምስ ኢሳያስ ዝገብሮ ናይ ብሕታዊ ውልቃዊ ርክክባት ክአቱን ክወጽእን ከይርእይዎን ስለምንታይ ኢሎም ከይጻናተይዎን ኣብ ቦታ ስደተኛታት ደቂ ሶማል አሕዋትና 25 ኪሎሜተር ርሒቐኹም፤ ትቐመጡ ክብል ትእዛዝ አማሓላሊፉ ይርከብ። ነዚ ከምኒ ጀነራል ካሪካረ ዝተባህለ ተወላዲ ብሄር ደንከል፤ ነቲ ናይ ገባር አባይቲ ምዕናው ስለ ዝተቃወመ፤ ዓብደላ ጃብር፤ ኢሳያስ መታን ክሕጉሰሉ፤ ካብ 50 ክሳብ 60 ሚልዮን ሰርቁ አብ ገዝኡ ኣጽኒሑ ብምባል ብሓሶት ወንጂሎም፡ ካብ ገዛ ከይወጽእ ቁዉም እሱር ገይርዎ ይርከብ።

ክቡራትን ክቡራንን ዜጋታት ንዓብደላ ጃብር ልዕሊ ኩሉ ዞዓጦን ዝግድሶን ከምቲ ምስላ ኣድጊ "አነ ምስ ሞትኹላ ዋላ እውን ዳንዴር አይትብቈላ" ዝበለቶ ንዓብደላ ጃብር ድማ ልዕሊ ኩሉ ዝግድሶ ፍቕሪ ኢሳያስ ጥራሕ ኢዩ። መዓልታዊ መቑኑኑ ከይጕድሎ።

ኢሳያስ ድኽመት ዓብደላ ጃብር ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝፈልጥን ድልየቱ እውን ዘርውየሉን ስለ ዝኾነ፤ ብስዉር ምኽትል ፕረሲደንት ገቢሩ ሸይሙ፤ ኣብ ጥቓኡ ኣቐምጦ ንርእዮ። ግፍዒ ዓብደላ ጃብር፤ ካብ 2000 ዓ. ም. ፈ. ንድሓር ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት፤ዝፍጽሞ ዘሎ ገበን ዘርዚርካ አይውዳእን። ነዚ ድማ ብጋህድን ብስዉርን ዝሐቐቑን ዝሐቁ ዘለዉን ዜጋታት ብትእዛዝ ዓብደላ ጃብር ኢዩ። እዚ እውን ከምቲ ኢሳያስ ብኩሉ ዝሕጐሰሉ፡ ብናይ በደልን ቅትለትን ኣብ ርእሲ ኤርትራውያን ፈጺሙ እውን ብዝያዳ ብኢሳያስ ክእመን፤ ቦታኡ ንክረክቡ ዘዋዳደሩ ዝሩጋት እውን ስለ ዘይተሳእኑ።

ነዚ ጽዩፍ ተግባራትዚ ዓብደላ ጃብር ንፍቕሪ ውልቀሰብ ክብል ሃገር ብሃገራ ጽሓይ ብርሃን እንከሎ ከም እትጽልምት ጌርዋ ይርከብ። አረ መን ኢዩ? ዓብደላ ጃብር እንተበልና ድማ፡ ዓብደላ ጃብር ማለት እቲ ኣብ ክንዲ ብፍቕሪ ሃገር ብፍቕሪ ኢሳያስ መንፈሱ ዝሰሐተ ዕሉል ሽፍታ ከተማ አባል ናይቲ ገድሊ ምብራቃዊ ሱዳን እውን ኢዩ።ናይ ኢሳያስን ናቱን ዝምድና ከምቲ ኣብ ሱዳን ልሙድ ዝኾነ አባና ነውራም ስሙኳ ክትሰምዖ ዘጸይፍ ኢዩ። ብቃል-ኪዳን ዓብደላ ጃብርን ኢሳያስን፤ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንምጽናት ስለ ዝኾነ ኣብ ቋንቋ ዓረብ ተዛረብቲ ዝኾና ሃገራት ወኪል ኢሳያስ፤ ንሱ ኢዩ ተመዚዙ።

ንአስታት ሸውዓተ ዓመታት ገባርን ሓዳግን፤ ሓንጻጽን ወሳንን፤ ንውግእ ጻሕታሪ፤ ኣብ ሞንጎ ሰዳናውያን ናይ ምብራቕን ዳርፉርን ደቡብን፤ ናይ የመን፤ ሕጂ ድማ ናይ ሶማልን፤ብትእዛዝ ኢሳያስ ንሱ ብዝወጠኖ መሰረት ምስ ሱዳን ንነዊሕ ዓመታት ዝሑል ውግእ ከካይድ ጸኒሑን የካይድ ኣሎን። ሕጂ ድማ ስርሒይ ኢሉ ተታሒዝዎ ዘሎ ጉዳይ ሶማል ኢዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን እውን የመን ባጽዕ፤ መቃዲሾ ባጽዕ፤ ባጽዕ ጅቡቲ፤ ክብል የዕለብጥ ኣሎ።ኣብ ምጅማር ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ሓምለ ኣብ ካዛኪስታን (ናይ ቀደም ሶቭየት ሕብረት ነበር) ከይዱ ዘመናዊ አጽዋር ሸሚቱ፤ ነዚ ኣጽዋራት እዚ ዝትኩሱ ኤርትራውያን የዔሊሙን፤ ምስቲ ብረት ንሶማል ልዕሊ 3000 ኤርትራዊ ሰራዊት ዝልአኽ ዘሎ፤ ኣብ ደሴታት ናይ ሶማልን የመንን፤ ኣብ ሞቃዲሾን ከባቢኣን ዓሪዶም ከም ዘለዉ ንኩሉ ህዝብናን ዓለምን ንሕብር። ሎሚ ከአ ኤርትራዊ ኣብ ዘየድልዮ ሃገር፡ ዋኒንን ዓብደላ ጃብርን ኢሳያስን ኮይኑ ንብረት ንሽኻዕብቱ ክሞቱ የሕዝን!!!! የሕዝን!!!!

ኩላትና ከም እንፈልጦ ካብ 1991 ጀሚሩ ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን ክንየው ጐረባብትን ዘለዋ ሃገራት ውግእ ኣናጻሕተሩ፤ ሕይወት ኤርትራውያን ኣብ ዛየርን ኮንጎን ሱዳንን( ከባቢ ከሰላ)፤ ደቡብ ሱዳን፤ ዳርፉር፤ ምብራቕ ሱዳን፤ደሴታት ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያነኖስን ጅቡትን መንእሰያትናን በላሕቲ ሃጋራውያን ዜጋታትን ምሁራትን የጥፍኡ ምህላዎም ኩሉ ፈሊጥዎ ዘሎ ናይ ዕዳጋ ምስጢር ኢዩ።

ነቶም ተሪፎምዎም ዘለዉ ወለዶታት ንከይትካእ መንእሰያት ኤርትራውያን ነበረያ ነበረ ንክገብርዎ ስግር ዶባት እናሰገሩ ኣብ ሶማልን ካልእ ቦታትን መንእሰይናን ተኻኢ ወለዶናን ፈላጣ ዜጋታትን ንምጥፋእ ካብ ነዊሕ እዋን ዓብደላ ጃብርን ኢሳያስን ዝዓለምዎ እንሆ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ዓለም ህይወት ኤርትራውያን ሓሲሩ መግዝእ ጠያይትን ጠበናጁን ኰይንሉ ኣብ ዝርከብ ህሞት፤ ነሕዋት ሶማላውያን ሰላም ንዲሞክራስን ንምነየሎምን ውሽጣዊ ሽግራቶም እውን ባዕላቶም ንክፈትሕዎ ነተባብዕ ። እንተ ነቲ በኢሳያስን ጉጅለኡን ዝግበር ዘሎ ውግእ ሕድሕድ ሶማላውያን በንዚን እናነስነሰ ዘባርዕ ጉጅለ ድማ ኤርትራን ኤርትራውያን ዘይድግፍዎ ናይ ገበን ገበን ኢዩ ዝግበር ዘሎሞ ንሕና ከም ኣባላት ምኽልኻል ሓይልታት ኘኹንኖ።ናይዚ ጉዳይዚ ድማ ኢሳያስን ጊጅለኡን ጥራይ ምኳኖም ተሓተቲ፡ ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ክፈልጦ ዘለዎ ኢዩ።

ኦ! ክቡራንን ክቡራትን ዜጋታት፡ ህሉው ኵናታት ሃገርና ከምዚ ካብ ኮነ፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎናን ኣብ ደገ እትርከቡ አካል ሕዝብናን ካብዚ ገፋዕን በላዕን ሕብረተሰብና ብሓፈሻ፤ መብረስ መጥፍእን መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፤ ንምጽራግ ኢድን ጓንትን ኼንና፡ ነቲ ንምጥፋእናን ምብራስናን ዝዓለመ ጉጅለ፡ ብሓባርን ብሓድነትን ሃገርናን ሕብረተሰብናን ንምድሓን ንምምኻት ንኩሉ ፈታው ሃገሩን ፈታው ህዝቡን ፈታው ዓዱን ቤቱሰቡን ንኩሉ ተግባራትና ከነተሓባብር ካብ መጻብብ ጸዊዒትና ነስምዕ ኣሎና።

ክብርን ዝክርን ንሰማእታት ኤርትራ!